# ዝምድናታት ኤርትራን ሱዳንን ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ዝሓሸ ኩነታት ከምዘሎ ኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ ገሊጹ።

---------0----------

ዝምድናታት ኤርትራን ሱዳንን ምስ ናይ ቅድሚ ሕጂ ብምንጽጻር ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ዝሓሸ ኩነታት ከምዘሎ ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ ገሊጹ።

ኣቶ ኣልኣሚን፣ ነዚ ዝገለጸ፣ ኣብ መበል 12 ዓመት ጽንብል መንግስቲ ሱዳንን ኣብ ካርቱም ዝተኻየደ ኣኼባ ሓባራዊ ሽማግለ ህግደፍን ሃገራዊ ጉባኤ ሱዳንን ተሳቲፉ ሎሚ ቅድሚ ቀትሪ ኣስመራ ኣብ ዝኣተወሉ ንኣገልግሎት ዜና ኤርትራ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ እዩ።

ንሱ፣ ጉጅለ ልኡኽ ኤርትራ ንሓደ ሰሙን ኣብ ሱዳን፣ ኣብ ዝጸንሓሉ እዋን ምስ መራሒ መንግስቲ ሱዳን ዑመር ኣልበሽርን፣
ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲ ሱዳንን ብምርኻብ ንምድልዳል ዝምድና ክልቲኣን ሃገራት ከምዝተመያየጡ ሓቢሩ። ኣብ መንጎ ክልቲኡ መንግስታት ክብጻሕ ዝከኣል፣ ብዙሕ ናይ ሓባር ረቋሒታትን ረብሓታትን ከምዘሎ ጠቒሱ ድማ ነቲ ዝምድናታት ብዝበለጸ ንምድልዳሉ ጻዕርታት ከምዘድሊ ገሊጹ።

ኣቶ ኣልኣሚን ነቲ በብእዋኑ ዘጋጥም ጸገማት ብህድኣት
ብዓቕልን ምርድዳእን ከምዝፍታሕ ንምግባር፣ መንግስቲ ኤርትራ፣
ብዛዕባ ኣብ ሱዳን ዘሎ ሽግራት ብቐንዱ ድማ፣ ሽግር ደቡብ ሱዳን ብዲሞክራሲያውን ሰላማውን መንገዲ ኪፍታሕ ኣበርክቶ ሰለዘለዎ ሓደ ካብቲ ጻዕሪ ዝግበረሉ ዘሎ ጉዳይ ምዃኑ ሓቢሩ።

ኣቶ ኣልኣሚን ዝተመርሖ ጉጅለ ልኡኽ ኤርትራ፣ ኣብ ደቡብ ሱዳን ከባቢ ባንትዮ ዑደት ብምክያድ ኣብቲ ጸገም ኣለዎም ዝበሃል ከባቢታትን መፈልፈሊ ነዳድን በጺሑ ምስ ሓለፍትን ተቐማጦን እቲ ከባቢ ድማ ተራኺቡ ዘትዩ።

*****ኣ.ዜ.ኤ*******